ንድፊ ኣዋጅ

# ምርጫ ኤርትራ

# ንድፊ ኣዋጅ ምርጫ ኤርትራ

## መቕድም፡-

* ናይ ህዝቢ ኤርትራ ሓርነታዊ ቃልሲ ንርእሰ ውሳኔ፡ ቃልሲ ንናጽነትን ደሞክራስን ብምንባሩ፣
* ቅዋም ኤርትራ ደሞክራሲያዊ መሰላት ህዝቢ ኤርትራ ብምሕላውን በቲ መሰላት ክጥቀም ብምትብባዕን ንብደሞክራስያዊ ኣገባብ ኣብ ነጻ ድሌቱ ዝተመስረተ መንግስቲ ንምቛምን ከምዘድሊ ስለዘረጋግጽ፣
* ነቲ ቀዳማይ ምርጫ ዝቖይድ ሕጊ ምርጫ፡ መምርሒታቱን ኣካይድኡን ንኹሉ ዜጋ ዝሓቑፍን ዘሳትፍን ክኸውን ከምዘለዎ ብምግንዛብ፣

እዚ ዝስዕብ ተኣዊጁ ኣሎ፡

## ዓንቀጽ 1- ሓጺር ኣርእስቲ

እዚ ኣዋጅ'ዚ ናይ ኤርትራ ኣዋጅ ምርጫ ቁጽሪ ...../..... ተባሂሉ ክጥቀስ ይከኣል።

## ዓንቀጽ 2- ትርጉም

ብኻልእ ትርጉም እንተዘይተገሊጹ ኣብዚ ኣዋጅ'ዚ፣

1) ዞባ ማለት፡ ብመሰረት ኣዋጅ ቁ.86/96 ዝቘመ ምምሕዳራዊ ዞባ ማለት ኢዩ።
2) ንኡስ ዞባ ማለት፡ ብመሰረት ኣዋጅ ቁ.86/96 ዝቘመ ምምሕዳራዊ ንኡስ ዞባ ማለት ኢዩ።
3) ናይ ዞባ ናይ ምርጫ ቤት ጽሕፈት ማለት፡ ብመሰረት እዚ ኣዋጅ'ዚ ኣብ ዞባ ዝቐውም ቤት ጽሕፈት ማለት ኢዩ።
4) ናይ ንኡስ ዞባ ናይ ምርጫ ቤት ጽሕፈት ማለት፡ ብመሰረት እዚ ኣዋጅ ኣብ ንኡስ ዞባ ዝቐውም ቤት ጽሕፈት ማለት ኢዩ።
5) ቤት ፍርዲ ዞባ ማለት፡ ብደረጃ ዞባ ዝቘመ ቤት ፍርዲ ማለት ኢዩ።
6) ቤት ፍርዲ ንኡስ ዞባ ማለት፡ ብደረጃ ንኡስ ዞባ ዝቘመ ቤት ፍርዲ ማለት ኢዩ።
7) ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ማለት ብመሰረት ኣዋጅ ቁ.25/92 ናይ ሃገር ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ማለት ኢዩ።
8) ምርጫ ማለት፡ ምርጫ ናይ ሓደ ኣባል ንሃገራዊ ወይ ዞባዊ ባይቶ ማለት ኢዩ።
9) ቅዋም ማለት፡ ቅዋም ኤርትራ ማለት ኢዩ።
10) ኣድማጺ ማለት፡ ብመሰረት እዚ ኣዋጅ'ዚ ከድምጽ ዝተመዝገበ ዜጋ ማለት ኢዩ።
11) ናይ ምርጫ ክሊ ማለት፡ በዚ ኣዋጅ'ዚን ኮሚሽን ምርጫ ብዘውጽኦ መምርሕን ዝሕንጸጽ ናይ ምርጫ ክሊ ማለት ኢዩ።
12) ተወዳዳሪ ማለት በዚ ኣዋጅ'ዚ ንምርጫ ዝወዳደር ኣባል ማለት ኢዩ።
13) ናይ ኣድማጺ ካርድ ማለት፡ ብመሰረት ዓንቀጽ 29 ናይ'ዚ ኣዋጅ'ዚ ንኣድማጺ ዝወሃብ ካርድ ማለት ኢዩ።
14) መዝገብ ኣድመጽቲ ማለት፡ ብመሰረት ዓንቀጽ 27 ናይ'ዚ ኣዋጅ'ዚ ዝተዳለወ መዝገብ ማለት ኢዩ።



15) ናይ ዞባ ናይ ምርጫ ሓላፊ ማለት ኣብ ናይ ዞባ ናይ ምርጫ በ ዝተመደበ ሓላፊ ማለት ኢዩ።
16) ናይ ንኡስ ዞባ ናይ ምርጫ ሓላፊ ማለት፡ ኣብ ናይ ንኡስ ዞባ ቤት ጽሕፈት ዝተመደበ ሓላፊ ማለት ኢዩ።
17) ናይ ምርጫ ነቑጣ ማለት፡ ብመሰረት ዓንቀጽ 13 ናይዚ ኣዋጀ ናይ ምርጫ ነቑጣ ማለት ኢዩ።
18) ሃገር ማለት፡ ሃገረ ኤርትራ ማለት ኢዩ።
19) ቀጥታዊ ምርጫ ማለት፡ ኣድማጺ ንሓደ ሕጹይ ድምጹ ብቐጥ ምርጫ ማለት ኢዩ።
20) ዘይቀጥታዊ ምርጫ ማለት ኣድማጺ ንሓደ ሕጹይ ብመንገዲ መ ዝሀበሉ ምርጫ ማለት ኢዩ።

# ምዕራፍ ክልተ

# ኮሚሽን ምርጫ

## ዓንቀጽ 3- ኣቃውማ

ብመሰረት ዓንቀጽ 58 ናይ ቅዋም ነጻ ዝኾነ ናይ ምርጫ ኮሚሽን ካብዚ ቀጺሉ (ኮሚሽን) እናተባህለ ዝጽዋዕ ሕጋዊ ሰብነት ዝተዋህቦ በዚ ኣዋጅ'ዚ ይቖውም ኣሎ።

## ዓንቀጽ 4- ኣባላት ኮሚሽን

ኣባላት ኮሚሽን ብፐረዚደንት ይምዘዙ ብምጽዳቕ ሃገራዊ ባይቶ ከኣ ሓደ ኮሚሽነር ሓደ ሰክረታሪን ሰለስተ ኣባላትን ይህልውዎ።

## ዓንቀጽ 5- ስልጣንን ተግባራትን ኮሚሽን

ኮሚሽን፡-

ሀ) ብመሰረት ቅዋምን እዚ ኣዋጅ'ዚን ህዝባዊ ምርጫታት ብቅንዕናን ብናጻን የካይድ፣ ምርጫታት ብንጽህናን ሞያዊ ኣገባብን ምፍጻሙ ይቈጻጸርን የረጋግጽን፣

ለ) ብመሰረት እዚ ኣዋጅ'ዚ ንምክያድ ምርጫታት ዘድሊ ሕጋጋትን መምርሒታትን የውጽእ ኣብ ግብሪ ምውዓሉ የረጋግጽ፣

ሐ) ድምጺ ይቆጻጸር ውጻኢት ምርጫ የረጋግጽን ብወግዒ ይገልጽን፣

መ) ንምክያድ ምርጫ ዘድሊ ሰነዳት የዳሉን ንዋት የመቓርሕን፣

ረ) ምስ ምርጫ ዝዛመድ ሲቪላዊ ትምህርቲ ኣብ ህዝቢ የካይድን ንኸካየድ የተባብዕን፣

ሰ) ሕጹያት ይምዝግብ፡ ብመሰረት እዚ ኣዋጅ ብቕዓቶም ይመምን ይቆጻጸርን፣

ቀ) ምዝገባ ትኽክልን ምሉእን ንጠለባት ምርጫ ዘማልእን ምዃኑ የረጋግጽ፣

በ) ናይ ሕጹያት ጎስጓስ ይቆጻጸር ብመራኸቢ ብዙሃን ብማዕረ ናይ ምጥቃም መሰል የውሕስን፣

ተ) ንኣካይዳን ኣመሓድራን ምቁራጽን ምርጫ ብዝምልከት ነድመጽትን ሕጹያትን ኣድላዪ ሓበሬታ ይህብን ምዕባለታት ይሕብርን፣

ነ) ኣብ ምክያድ ምርጫ ንዝድለ ሓይሊ ሰብ ምድላዋት ይገብርን የሰልጥንን፣



ኣ) ንመጻኢ ምዕባለ መስርሕ ምርጫ ዘዕዝዝ ኣድላዪ ምርም ይገብር፣

ከ) ውጽኢት ምርጫ ይምርምርን ይስርዝን፣ ኣብ መስርሕ ምርጫ ተግባር ክምዝነበረ መረጋገጺ ኣለኒ ኢሉ ምስ ዝኣምን ዳግ ይእዝዝ፣

ኸ) ዘይስሩዕ ተግባራት ምርጫ ምስዝህሉ የመዓራርዮን ብመሰረ ዝቐርብ ጥርዓናት ይውስንን፣

ወ) ብደረጃ ሃገርን ዞባታትን ናይ ዝግበር ምርጫ ክልታት ይሕንጽ

ዐ) በብእዋኑ ጸብጻብ ንጥፈታቱ ንሃገራዊ ባይቶ የቕርብ፣

ዘ) ብደረጃ ሃገርን ዞባን ናይ ዝተገብረ ምርጫ ምዕባለ ይሰንድ፣

ዥ) ናይ ዞባን ንኡስ ዞባን ሓለፍቲ ምርጫ ይምዝዝ፣

የ) ነዚ ኣዋጅ'ዚ ንምትግባር ካልእ ዘድሊ ተግባራትን ካልእ ስራሓትን ይፍጽም።

## ዓንቀጽ 6- ናይ ኮሚሽን ስርዓት ሕጋጋት

1) ብካብ ፍርቂ ንላዕሊ ኣባላት ኮሚሽን ምልኣተ ጉባኤ ይህሉ።
2) ውሳኔ ኮሚሽን ብብዝሒ ድምጺ ይውሰን፡ ማዕረ ድምጺ ኣብ ኣቦ መንበር ናይ ዘለዎ ወገን ይጸድቕ።
3) ኮሚሽን ብመሰረት እዚ ኣዋጅ'ዚ ናይ ገዛእ ርእሱ ሕጋጋት የ
4) ኮሚሽን ግዜን ቦታን ኣኼባኡ ይውስን።

## ዓንቀጽ 7- ስልጣንን ተግባራትን ኮሚሽነር

ኮሚሽነር፡-

ሀ) ኣኼባ ኮሚሽን ይጽውዕን ብኣቦ መንበርነት ይመርሕን ንጥ ትግባረ ውሳኔታቱ የረጋግጽን።

ለ) ንጥፈታት ሰክረታርያት ኮሚሽን ይቈጻጸር።

ሐ) ጸብጻብ ስርሑ ናብ ሃገራዊ ባይቶ የቕርብ።

## ዓንቀጽ 8- ስልጣንን ተግባራትን ሰክረታሪ

ሀ) ኮሚሽነር ምስዘይህሉ ተግባራቱ ይፍጽም።

ለ) ምስ ኮሚሽነር ብምምኻር ዛዕባ ኣኼባታት ኮሚሽን የዳሉ።

ሐ) ከም ጸሓፊ የገልግልን ደቓይቕ ኮሚሽን ይሕዝ።

መ) ውሳኔ ኮሚሽን ናብ ዝምልከቶ ወገናት ከምዝመሓላለፍ ይገብር።

ረ) በዚ ኣዋጅ'ዚ ንኮሚሽን ዝተዋህበ ዕለታዊ ስራሓት ምርጫ የካይድ።

ሰ) በብእዋኑ ናብ ሃገራዊ ባይቶ ዝቐርብ ንጥፈታት ኮሚሽን ዝምልከት ጸብጻባት የዳሉ።

ቀ) ብኮሚሽነር ዝወሃቦ ካልእ ተግባራት ይፍጽም።

## ዓንቀጽ 9- ስልጣንን ተግባራትን ሓላፊ ምርጫ ዞባ

ሓላፊ ምርጫ ዞባ እዚ ዝስዕብ ስልጣንን ተግባራትን ይህልዎ፦

ሀ) ብደረጃ ዞባ ዝካየድ ምርጫ ምምራሕን ምውህሃድን ምቁጽጻርን፣

ለ) ኣብ ትሕቲኡ ንዝህልዋ ናይ ምርጫ ኣብያተ ጽሕፈት ምውዳብን ምምራሕን፣

ሐ) ንምክያድ ምርጫ ዘድሊ ነገራት ኣብ ኣብያተ ጽሕፈት ምርጫን ንህዝብን ኣብ ግዜኡ ምምቕርሑ ምርግጋጽ፣

መ) ንምክያድ ምርጫ ዘድሊ ምድላዋት ከምዝተገብረ ምርግጋጽ፣

ረ) ብመሰረት እዚ ኣዋጅ'ዚ መስርሕ ምርጫ ምትግባሩ ምቁጽጻር፣

ሰ) ብመሰረት ብኮሚሽን ዝወሃብ መምርሒታት ኣብ መስርሕ ምርጫ ንዝለዓሉ ቅሬታታትን ጥርዓናትን ብኮሚቴ ምምርማር፣

ቀ) ንመስርሕ ምርጫን ውጽኢቱን ዝምልከት ጸብጻባት ምድላውን ናብ ኮሚሽን ምቕራብን፣

በ) ንምምሕያሽ መስርሕ ምርጫ ዘድሊ መጽናዕትን ምርምርን ምግባርን ጸብጻባቱን ውጺኢቱን ናብ ኮሚሽን ምቕራብን፣

ተ) ስርሓት ኮሚሽንን ዞባን ምውህሃድ፣

ቸ) ብኮሚሽን ዝወሃብ ካልእ ስርሓት ምፍጻም።

## ዓንቀጽ 10- ሓላፊ ምርጫ ንኡስ ዞባ

ሓላፊ ምርጫ ንኡስ ዞባ ንሓላፊ ምርጫ ዞባ ተሓታቲ ኮይኑ፣ ኣብ ዓንቀጽ 9 ናይዚ ኣዋጅ'ዚ ዝተዘርዘረ ስልጣንን ሓላፍነትን ብደረጃ ንኡስ ዞባ ይህልዎ፣



# ምዕራፍ ሰለስተ
# ስርዓትን መትከላትን ምርጫ

## ዓንቀጽ 11- ስርዓተ ምርጫ

1) ምርጫ ቀጥታውን ብማዕረ ንህዝቢ ናይ ምድማጽ መሰል ዝህብ

2) ኣብ ወጻኢ ንዝቕመጡ ኤርትራውያን ቀጥታዊ ምርጫ ዘይከኣለሉ ግዜ ኮሚሽን ብዘውጽኦ መምርሒ መሰረት ዘይ፡ ይካየድ።

3) ኣብ ሓደ ናይ ምርጫ ክሊ እቲ ዝበዝሐ ድምጺ ዝረከብ ይኸውን።

4) ክልተ ወይ ካብኡ ዝበዝሑ ሕጹያት ማዕረ ውጽኢት ም ተዋዲቖም እቲ በዓል ዕጫ ተዓዋቲ ይኸውን።

## ዓንቀጽ 12- መትከላት ምርጫ

1) ኩሉ ምርጫታት ንሓቀኛ ተሳታፍነትን ውክልናን ህዝቢ ኤር የረጋግጽን።

2) ነፍሲ-ወከፍ ድምጺ ማዕረ ሚዛን ይህልዎ።

3) ናይ ምምራጽ መሰሉ ብሕጊ ዘይተዓገተ ኤርትራዊ ዜጋ ክመ( መሰል ኣለዎ።

4) ሰላሳ ካብ ሚእቲ (30%) መናብር ናይ ኩሉ ዝምረጽ ባ( ኣንስትዮ ዝተሓዝአ ይኸውን። ኣብቲ ዝተረፈ ሰብዓ ካብ ' መናብር ከኣ ደቂ ተባዕትዮን ደቂ ኣንስትዮን ብማዕረ ይወዳደሩ(

5) ነፍሲ ወከፍ መራጺ ንሓፈሻዊ ምርጫን ንሕዙእ መናብር ዝጥቀመሉ ክልተ ድምጺ ይህልዎ።

6) ኣብ ኩሉ ምርጫታት ምድማጽ ብስቱር ይኸውን።

# ምዕራፍ ኣርባዕተ

# ምሕንጻጽ ክልታትን ኣብያተ ጽሕፈትን ምርጫ

## ዓንቀጽ 13- መትከል

1) ኤርትራ ንዕላማታት ምርጫ ብዘገልግል ኣገባብ ናብ ናይ ምርጫ ክልታት ትኽፋፈል።
2) ነፍሲ ወከፍ ናይ ምርጫ ክሊ ኣብ ነቑጣታት ምርጫ ትኽፋፈል።
3) ኣብ ነፍሲ ወከፍ ንኡስ ዞባ ናይ ንኡስ ዞባ ናይ ምርጫ ቤት ጽሕፈት ይቖውም።

## ዓንቀጽ 14- ናይ ምርጫ ክሊ

1) ነፍሲ ወከፍ ናይ ምርጫ ክሊ ብ25,000 (ዕስራን ሓሙሽተን ሽሕ) ተቐማጦ ወይ 12,000 ክመርጹ ዝኽእሉ ዜጋታት ይቖውም።
2) ንሕዙእ መናብር ደቂ ኣንስትዮ ዝቖውም ክሊ ምርጫ 50,000 (ሓምሳ ሽሕ) ተቐማጦ ወይ 24,000 ክመርጹ ዝኽእሉ ዜጋታት ይህልዎ።
3) ኮሚሽን ኣብ ምሕንጻጽ ክልታት ምርጫ ንምዕሩይ ተሳታፍነትን ውክልናን ኤትኒካዊ ጉጅለታት ኣብ ግምት የእቱ።
4) ኮሚሽን ኣድማዒን ርትዓውን ተሳትፎ ኤርትራውያን ኣብ ወጻኢ ብዘረጋግጽ ኣገባብ ናይ ምርጫ ክልታት ይውስን።

## ዓንቀጽ 15- ኣብያተ ጽሕፈት ምርጫ ንኡስ ዞባታት

1) ብዝሒ ኣብያተ ጽሕፈት ምርጫ ንኡስ ዞባታት ምስ ብዝሒ ንኡሳን ዞባታት ዝተመጣጠነ ይኸውን።
2) ንኡስ ዞባ ዘይብላ ከም ፍልይቲ ናይ ምርጫ ክሊ ትውሰድ።



## ዓንቀጽ 16- ብዝሒ ክልታት ምርጫ

1) ኣብ ነፍሲ ወከፍ ንኡስ ዞባ ዝህሉ ብዝሒ ክልታት ምርጫ ኮ ሕጋጋት ይውሰን።
2) ኮሚሽን ዘቑሞ ክልታት ምርጫ ቅድሚ ምርጫ ብ— ይግለጽ።

## ዓንቀጽ 17- ውክልና ኣብ ወጻኢ ዝቕመጡ ኤርትራውያን

1. ኣብ ወጻኢ ዝነብሩ ኤርትራውያን ኣብዘን ንዕላማታት ምርጫ ንኡሳን ዞባታት ምርጫ ተወሲደን ዘለዋ ቦታታት ናይ ክመርጹ መሰሎም ክጥቀሙ ኢዮም። ነብሲ ወከፍ ንኡስ ዞባ ድማ በዞ ብዝሒ ኣባላት ሃገራዊ ባይቶ ትውክል፣

(ሀ) ሱዳን—

(ለ) ስዑድ ዓረብ—

(ሐ) ኬንያን ካልኦት ሃገራት ኣፍረቃን—

(መ) ማእከላይ ምብራቕ—

(ሰ) ሰሜን ኣሜሪካ—

(ረ) ኤዉሮጳ—

(ቀ) ኣውስትራልያን ኤስያን—

3) ካብ ሓደ ወካሊ ንላዕሊ ዘለዎ ንኡስ ዞባ ካብ ወከልቱ ሓ ኣንስትዮ ይሓዝእ።
4) ኮሚሽን ዘይቀጥታዊ ምርጫ ንምክያድ ዘድሊ መምርሒታት የዐ

# ምዕራፍ ሓሙሽተ

# ምዝገባ

## ዓንቀጽ 18- ብቕዓት ኣድመጽቲ

ሓደ ሰብ ከም ኣድማጺ ንኽምዝገብ ብቑዕ ንክኸውን፣

ሀ) ኤርትራዊ ዜጋ ክኸውን

ለ) ዕድሚኡ ዓሰርተ ሸሞንተ ዓመት ወይ ልዕሊኡ ክኸውን

ሐ) ጥዑይ ኣእምሮ ዘለዎ ክኸውን

መ) ኣብቲ ክሊ ምርጫ ተቐማጢ፣ ሰራሕተኛ፣ ወይ ግቡኡ ንምፍጻም ዝተመደበ ክኸውን

ረ) ብቤት ፍርዲ ዝተወሰነሉ መቕጻዕቲ ኣብ ምፍጻም ዘይርከብ፣

ሰ) ብሕጊ ሲቪላዊን ፖለቲካውን መሰላቱ ናይ ምጥቃም ብቕዓት ዘለዎ ክኸውን ይግባእ።

## ዓንቀጽ 19- ሓደ ግዜ ጥራይ ምምዝጋብ

ሰብ ሓደ ግዜን ኣብ ሓደ ቦታን ጥራይ ይምዝገብ

## ዓንቀጽ 20- ምዝገባ ዝካየደሉ ቦታ

ምዝገባ ኣብ መላእ ግዝኣት ኤርትራን ንኣብ ስደት ዘለዉ ኤርትራውያን ድማ ብመሰረት ዓንቀጽ 17ን ይካየድ።

## ዓንቀጽ 21- መስርሕ ምዝገባ

1) ምዝገባ ኣብ ውሽጢ እቲ ኣድማጺ ዝነብረሉ ወይ ዝሰርሓሉ ወይ ግቡኡ ንምፍጻም ዝተመደቦ ንኡስ ዞባ ኣብ ዝርከብ መድመጺ ነቑጣ ይፍጸም።

2) ኣብ ወጻኢ ዝነብሩ ኤርትራውያን እቲ ኮሚሽን ኣብ ዘውጽኦ ሕጋጋት ኣብ ዝውሰን ቦታታት ይምዝገቡ።

3) ኣድመጽቲ ኣብቲ ብኮሚሽን ዝዳሎ መዝገብ ኣድመጽቲ ይምዝገቡ።

4) ኣድመጽቲ ብመሰረት ናይዚ ኣዋጅ'ዚ ዓንቀጽ 29 ናይ ኣድመጽቲ ካርድ ይወሃቦም።

5) ከድምጹ ሕጊ ዘፍቅደሎም ስንኩላንን ዓይነ ስውራንን ብሓገዝቶም ተሰንዮም ክምዝገቡ ይኽእሉ።



6) ዝተሰምየ ሰብ ኣብ ዝወዳደረሉ ክሊ ምርጫ ይምዝገብ።

## ዓንቀጽ 22- ሰራሕተኛታት ምዝገባ

ምዝገባ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ድምጺ ዝወሃበሉ ነቑጣ ብኮሚሽን ብዝምደ ምርጫ ይካየድ።

## ዓንቀጽ 23- ተዓዘብቲ

ብኮሚሽን ዝምዘዙ ወይ ፍቓድ ዝተዋህቦም ሰባትን ወከልቲ ህዝባው መስርሕ ምርጫ ክዕዘቡ ይኽእሉ።

## ዓንቀጽ 24- መሰላትን ግቡኣትን ተዓዘብቲ

1) ተዓዘብቲ ኣብ ውሽጢ ድምጺ ዝወሃበሉ ነቑጣታት ናይ ም መስርሕ ምርጫ ዝዛመድ ብቑዕ ሓበሬታ ክረኽቡ ናይ ምሕ ምርካብን መሰል ይህልዎም።

2) ተዓዘብቲ ካብ ንግቡእን ስሉጥን ኣካይዳ ምርጫ ዝዓናቕፍ ተግ ግዴታ ኣለዎም።

## ዓንቀጽ 25- ዕለት ምዝገባ

1) ምዝገባ ኮሚሽን ኣብ ዝውሰኖ መዓልታት ኣብ መላእ ኤርት ይውዳእን። ዝካየደሉ መዓልቲ ብመራኸቢ ብዙሃንን ብዝልጠፍ ቅድሚ ዓሰርተ መዓልቲ ይግለጽ።

2) ዕለተ ምዝገባ ኣብ ወጻኢ ዝነብሩ ኤርትራውያን ብኮሚሽን ብዝ መሰረት ይኸውን።

### ዓንቀጽ 26- ሓዲሽ ናይ ምዝገባ ግዜ

1) ምኽኑይ ዝገብሮ ፍሉይ ኩነታት ምስ ዘጋጥም ኮሚሽን ሓድሽ ናይ ምዝገባ ግዜ ክውስን ይኽእል።
2) ካብ ዓቕሚ ሰብ ወጻኢ ዝኾነ ኩነታት ኣብ ዝፍጠረሉ ግዜ ዝኾነ ብቑዕ ኣድማጺ ብመሰረት ናይዚ ኣዋጅ'ዚ ድንጋጌታት ብኮሚሽን ብዝወሃብ መምርሒ ክምዝገብ ይኽእል።

### ዓንቀጽ 27- ዝርዝር መዝገብ ኣድመጽቲ

ኣብ ውሽጢ ሃገርን ኣብ ወጻእን ተፈጻምነት ዝህልዎ መዝገብ ኣድመጽቲ ምስ ዝርዝራቱ ብኮሚሽን ይወጽእ።

### ዓንቀጽ 28- ኣድላይነት ወረቐት መንነት

ምዝገባ፣ ወረቐት መንነት ወይ ፓስፖርት ብምቕራብ ይፍጸም።

### ዓንቀጽ 29- ናይ ኣድማጺ ካርድ

ዝኾነ ብግቡእ ዝተመዝገበ ሰብ፣ ስሙ፣ ዝተወልደሉ ቦታ ድምጺ ዝህበሉ መመዝገቢ ነቑጣ፣ ናይ ቀጽሩን ፊርማኡን ወይ ናይ ዓባይ ዓባይቶ ምልክት ዝሓዘ ናይ ድማጺ ካርድ ይወሃቦ።

### ዓንቀጽ 30- ምዕጻው መዝገብ ኣድመጽቲ

1) ምዝገባ ምስ ተወድኤ መዝገብ ምርጫ ናይ መዕጸዊ ምልክትን ናይ ሓለፍቲ ምርጫ ክታምን ይግበረሉ።
2) መዝገብ ምርጫ ንትዕዝብቲ ህዝቢ ንኽምርምሮ ክፉት ይኸውን።



### ዓንቀጽ 31- ምምሕልላፍ ሰነዳት

ነፍሲ ወከፍ ነቑጣ፣ ድሕሪ ምዕጻው መዝገብ ኣድመጽቲ፣ ናይ ኣ
ወይ ቅድሑ፣ ካልእት ኣድለይቲ ሰነዳትን ኮሚሽን ብዝህቦ መምር
ነናብ ዝምልከቶ ንኡስ ዞባ የመሓላልፍ።

### ዓንቀጽ 32- ምስራዝ ምዝገባ

ቤት ፍርዲ፣ ሆስፒታልን በዓል መዚ ምርጫን፣ ሓደ ኣድማጺ ገበን
ምስዝፍረድ፣ ኣእምሮኡ ምስ ዝስሕት ወይ ምስ ዝመውት፣ ናብ ዝም
ጽሕፈት ምርጫ ንኡስ ዞባ ብኡ ንብኡ ክመልከት ግዴታ ኣለዎ። ቤ
ንኡስ ዞባ ብግዴኡ ከኣ ናብ ኮሚሽን ንናይ መወዳእታ ውሳኔ በብእ
ሓበሬታ ከመሓላልፎ ግዴታ ኣለዎ።

# ምዕራፍ ሽዱሽተ
# ምስያም ሕጹይ

## ዓንቀጽ 33- ሓፈሻዊ መትከላት

1) ዝኾነ ሰብ ካብ ኣብ ሓደ ክሊ ምርጫ ንላዕሊ ሕጹይ ክኸውን ኣይክእልን።
2) ዝኾነ ተቐማጢ ካብ ንሓደ ሕጹይ ንላዕሊ ናይ ደገፍ ክታም ክገብር ኣይክእልን።

## ዓንቀጽ 34- መምዘኒታት ኣሰያይማ

1) ኣብ ዓንቀጽ 18 (መ) ናይዚ ኣዋጅ'ዚ ዝሰፈረ ሕሉው ኮይኑ ዝኾነ ክም ኣድማጺ ዝተመዝገበ ሰብ፣
   (ሀ) ኣብ ዕለት ምርጫ ዕድሚኡ ዕስራን ሓደን ዓመት ወይ ካብኡ ንላዕሊ ምስ ዝኸውን፣
   (ለ) ጠፊኡ ተባሂሉ ተኣዊጁሉ ዝነበረ ናብ ንቡር ምስ ዝምለስ፣
   (ሐ) ሃገራዊ ኣገልግሎት ዝፈጸመ ወይ ኣብ ወጻኢ ዝቕመጥ ምስ ዝኸውን ክኣ ኩሉ ሕጋዊ ግዴታታቱ ዘማልአን ምስ ዝኸውን።
2) ኣብ እዋን ሓርነታዊ ቓልሲ ብንጥፈት ምስ ጸላኢ ብምትሕብባር ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ገበን ዝፈጸመ ወይ ድሕሪ ናጽነት ምስ ናይ ባዕዲ ሓይልታት ውዲት ብምግባር ኣንጻር ልኡላውነትን ሓድነትን ሃገርን ደው ዝበለ ክም ሕጹይ ክስየም ኣይክእልን።

## ዓንቀጽ 35- ናይ ምስያም ቅጥዒ

1) ኩሉ ሕጹይ ዓሰርተ ሸሞንተ ዓመትን ልዕሊኡን ዝዕድመኦም ናይቲ ናይ ምርጫ ክሊ ተቐመጥቲን በዚ ኣዋጅ'ዚን ካልእ ሕጋጋትን ከድምጹ ዘይተኸልከሉን ምኳኖም ብዝምልከቶ ምምሕዳር ዝተመስከረሎም 5% ናይ ዝተመዝገቡ ኣድመጽቲ ዘይውሕድ ናይ ደገፍ ክታም ክቕርብ ኣለዎ።
2) ኩሉ ኣብ ወጻኢ ዝነብር ሕጹይ፣ ዓሰርተ ሸሞንተ ዓመትን ልዕሊኡን ዝዕድመኦም ናይቲ ናይ ምርጫ ክሊ ተቐመጥትን በዚ ኣዋጅ'ዚን ካልእ ሕግታትን ከድምጹ ዘይቾኸልከሉን ምኳኖም ብዝምልከቶ ኤምባሲ ኤርትራ



ዝተመስከረሎም 5% ናይ ዝተመዝገቡ ኣድመጽቲ ዘይውሕደ ክታም ክቐርብ ኣለዎ።

## ዓንቀጽ 36- ምዝገባ ሕጹያት

1) ዝኾነ ሕጹይ ንምዃን ብቑዕ ኮይኑ ዝተረኸበ ሰብ ንቤት ጽሕፈ ኣድላዪ መረጋገጺ ድሕሪ ምቕራብ ስሙ ኣብ መዝገብ ሕጹ ምስክር ወረቐት ይወሃቦን።
2) ብውክልና ዝግበር ምዝገባ ፍቑድ ኣይከውንን።
3) ዝኾነ ንምርጫ ብቑዕ ኮይኑ ዝተረኸበ ሕጹይ ክምዝገብ ከሎ፡-
   (ሀ) ንምርጫ ሃገራዊ ባይቶ ተመላሲ ዘይከውን ሓሙሽተ ሚእቲ ወይ ተመጣጣኒ የትሕዝ፣
   (ለ) ንዝኾነ ካልእ ምርጫ ተመላሲ ዘይከውን ሓደ ሚእቲ (100=) ተመጣጣኒ የትሕዝ፣

## ዓንቀጽ 37- ድሕሪ ምስያም ዘጋጥም ሞት ወይ ምስሓብ ሕጸ

ኣብ ዓንቀጽ 35 ዝተጠቕሰ ዝተሓለወ ኮይኑ ንምርጫ ብቑዕ ኮይኑ ዝ ቅድሚ ድምጹ ዝወሃበሉ ዕለት ምስ ዝመውት ወይ ምስ ዝስሕብ፣

ሀ) ዘትሓዞ ትሕጃ ተመላሲ ይኸውን፣
ለ) ነቶም ዝተረፉ ሕጹያት ምርጫ ይካየደሎም።

## ዓንቀጽ 38- ኣርማታት ሕጹያት

1) ብመሰረት ኮሚሽን ዝህቦ መምርሒታት ሕጹያት ዝመረጽዎ ኣርማ
2) ናይ ሕጹያት ኣርማታት ክከም ኣድላዪነቱ ኣብ ወረቓቕቲ መ ኣብ ፖስተራትን ይሕተም።

## ዓንቀጽ 39- ምስ ሕጹያት ምፍላጥ

ንምዝገባ ሕጹያት ኣብ ዝምልከት ጉዳያት እቲ ምስሕሓብ እ' ተፈትሐን ኣስማት ሕጹያት ምስተረጋገጸን ብመሰረት ብኮም' መምርሒታት ብቤት ጽሕፈት ምርጫ ንኡስ ዞባ ኣስማት ሕጹያት ይዝ

### ዓንቀጽ 40- ሕጹያት ካብ ክሲ ናጻ ዝኾኑሉ

1) ዝኾነ ሕጹይ ከቢድ ገበን ኣብ ምፍጻም ኢድ ብኢድ እንተዘይተታሒዙ ኣብ መስርሕ ምርጫ ኣይእሰርን።

2) ሕጹያት ኣብ ንኡስ ዓንቀጽ (1) ናይዚ ዓንቀጽዚ ካብ ዝተጠቕሰ ኩነት ወጻኢ ገበን ፈጺምኩም ምስዝበሃሉ ውጽኢት ምርጫ ብወግዒ ብኮሚሽን ድሕሪ ምግላጹ ጥራይ ክሲ ክቐርበሎም ይኽእል።



## ምዕራፍ ሸውዓተ

## ጎስጓስ ምርጫ

### ዓንቀጽ 41- ናይ ጎስጓስ ናጽነት

ሓደ ሕጹይ ወይ ሓደ ደጋፊ ብመሰረት ሕጊ ናይ ምዝራብ፣ ምጽሓፍ ስ መግለጺ ምግባር፣ ሕፈሻዊ ኣኼባ ናይ ምክያድን መሰል ይህልዎ። ናይ ኩ ሕጹያት ጎስጓስ ብቤት ጽሕፈት ምርጫ ዞባ ይውደብ።

### ዓንቀጽ 42- ንጥፈታት ጉስጓስ

ንጥፈታት ጉስጓስ ምስ ድንጋጌታት ናይዚ ኣዋጅ'ዚ ብዝሳነ ብሰላማውን ሕ: ኣገባብ ኣብ ውሽጢ ሰለስተ ሰሙን ይካየድ።

### ዓንቀጽ 43- ብመራኸቢ ብዙሃን ናይ ምጥቃም መሰል

ኩሎም ሕጹያት ብመንግስቲ ኣብ ዝውነን መራኸቢ ብዙሃን ብማዕረን ብናጻን ምጥቃም መሰል ይህልዎም።

### ዓንቀጽ 44- ንጉስጓስ ዝግበር ወጻኢታት

ኮሚሽን ኩሎም ሕጹያት ኣብ ጉስጓስ ዝገብርዎ ወጻኢታት ይሽፍን። ኣብ ጉ ዚግበር ብሕታዊ ወጻኢታት ክኣ ክልኩል ይኸውን።

### ዓንቀጽ 45- ደረት ግዜ

ብመሰረት ኮሚሽን ዘውጽኦ ሕጋጋት፣ ሕጹያት ናይ ጉስጓስ ንጥፈታቶም ሰለስተ ልቲ ቅድሚ ምጅማር ምድማጽ ደው የብሉ።

# ምዕራፍ ሸሞንተ
# ምርጫ

## ዓንቀጽ 46- ናይ ምርጫ ነቑጣታት

ኮሚሽን ናይ ምርጫ ነቑጣታት የቕውምን ቦታን ኣብ ከመይ ዝበሉ ኩነታት ከምዝሰርሕን ካልእ ዘድሊ መምዘኒታትን ይውስን።

## ዓንቀጽ 47- ምጅማር ስራሕ

ኮሚሽን ኣብ ፍሉይ ኩነታት ንገለ ነቑጣታት ፍሉይ መዓልቲ እንተዘይወሲኑ፡ ኩሉ ናይ ምርጫ ነቁጣታት ኮሚሽን ኣብ ዝውስኖ መዓልቲ ስርሑ ብሓንሳብ ይጅምር።

## ዓንቀጽ 48- መትከላት ምድማጽ

1) ዝኾነ መራጺ ብኣካል እናቐረበ ድምጺ ይህብ።
2) ነፍሲወከፍ መራጺ ሓደ ግዜ ጥራይ ድምጺ ይህብ።
3) ዝኾነ መራጺ ነየናይ ተወዳዳሪ ከምዘድምጽ ወይ ከምዘድመጸ ክገልጽ ኣይግደድን።
4) ዝኾነ መራጺ ኣብቲ ዝተመዝገበሉ ናይ ምርጫ ነቑጣ ጥራይ ድምጺ ይህብ።

## ዓንቀጽ 49- ሓለዋ ነቑጣታት ምርጫ

በመሰረት ኮሚሽን ዘውጽኦ መምርሒታት ፖሊስ ድሕነትን ንጽህናን ነቑጣታት ምርጫ ንምሕላው ኩሉ ኣድላይ ስጉምታት ይወስድ።

## ዓንቀጽ 50- ቅጥዕታት ኣደማምጻን

መንነትን ክታምን ኣድማጺ፡ ናይ መድመጺ ካርድ ንኣድማጺ ምሃብን ኣብ ሳንዱቕ ኣተኣታትዋኡን፡ ዝተበላሸወ ካርድ መድመጺ፡ ድሕነት ናይ ድምጺ ሳንዱቕን ካልእ ተመሳሳሊ ስጉምትታትን ዝምልከት ቕጥዕታት ኣደማምጻ ብመሰረት ብኮሚሽን ዝወጽእ ሕጋጋት ይፍጸም።

## ዓንቀጽ 51- ስንኩላንን መሃይም መረጽትን

1) ዓይነ-ስውራን ወይ ስንኩላን ንሳቶም ብዝመረጽዎም ሓገዝቲ ተሰንዮም ድምጺ ይህቡ።



2) መሃይማን ኣድመጽቲ ሓንቲ ኣጻብዕቶም ቀለም ድሕሪ ምጥማዕ ' ዝደልዩ ሕጹይ ኣብ ዝተወሰነ ቦታ ብኣሰር ኣጻብዖም ብምፍ ይህቡ።

## ዓንቀጽ 52- ኣቐዲምካ ድምጺ ምሃብ

ብመሰረት ኮሚሽን ዝህቦ መምርሒ ኣባላት ሓይልታት ምክልኻልን ጸጥታ ከምኡ'ውን ኣብ ወጻኢ ዝቕመጡ ኤርትራውያን ኣቐዲሞም ቅድሚ ሽው መዓልቲ ድምጺ ይህቡ።

## ዓንቀጽ 53- ምቑጻር ናይ ኣቐዲሙ ዝወሃብ ድምጺ

ኣብ ዓንቀጽ 56 ናይዚ ኣዋጅ'ዚ ዝሰፈረ ሕሉው ኮይኑ፡ እቲ ኣቐ ድምጺ ምስቲ ኣብ መዓልቲ ምርጫ ዝወሃብ ድምጺ ብሓንሳብ ይቑጸር።

## ዓንቀጽ 54- ብወኪል ድምጺ ምሃብ

ኣብ ዓንቀጽ 11 ናይዚ ኣዋጅ'ዚ ዝሰፈረ ሕሉው ኮይኑ እዞም · ብውክልና ክመርጹ ይኽእሉ፡

ሀ) ኣብ ሕክምና ወይ ኣብ ገዛ ኣብ ትሕቲ ክንክን ዝርከቡ ሕሙማ
ለ) ብከቢድ ዝተሃሰዩ ወይ ዝግሰኑ ሰባት፡
ሐ) ኣብ መዓልቲ ምድማጽ ናይ ስራሕ ቦትኦም ክለቁ ዘይክኣሉ ሰሪ
መ) ንግዜኡ ንወጻኢ ዝገሹ ዜጋታት፡
ረ) ኣብ ነቑጣታት ፖሊስ ኣብ ቀይዲ ዝርከቡ ሰባት።

## ዓንቀጽ 55- ስልጣን ውክልና

1) ክንቀሳቐሱ ዘይክእሉ ስንኩላን ወይ ሕሙማት ኣብ ቅድሚ ዝተመዘዙ ሰብ መዚ ንዝመረጽዎ ሰብ ናይ ውክልና ስልጣን ክህበ
2) እቶም ናይ ስራሕ ቦታኦም ክለቁ ዘይክእሉ ስራሕተኛታት ሓለፍቶም ንዝመረጽዎ ሰብ ናይ ውክልና ስልጣን ክህቡ ይኽእሉ።
3) ንግዜኡ ንወጻኢ ብዝገሹ ዜጋታት ዝወሃብ ስልጣን ውክልና ኣብ ጽሕፈት ቆንስል መንግስቲ ኤርትራ ብዝዳሎ ሰነድ ይኸውን።

4) ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ፖሊስ ዝርከቡ ሰባት ናይ ውክልና ስልጣን ንዝመረጽዎ ሰብ ኣብ ቅድሚ ዝምልከቶ ሓላፊ ፖሊስ ይህቡ።

5) ብመሰረት'ዚ ዓንቀጽ'ዚ ነቲ ናይ ውክልና ስልጣን ዝምስክሩ ሰባት ኣብቲ ናይ ውክልና ስልጣን ሰነድ ክታሞምን ወግዓዊ ማሕተምን የስፍሩ።

## ዓንቀጽ 56- ምቑጻርን ምግላጽን ውጽኢት

1) ምርጫ ምስተዓጸወ ብመሰረት ኮሚሽን ዝህቦ መምርሒ ብኡ ንብኡ ኣብ ናይ ምርጫ ነቑጣታት መድመጺ ወረቓቕቲ ይቑጸር፡

2) ምቑጻር ኣብ ናይ ምርጫ ነቑጣታት ምስ ኣብቀዐ እቲ መድመጺ ወረቓቕቲ ይዕሸግን ናብ ቤት ጽሕፈት ምርጫ ንኡስ ዞባ ይለኣኽን።

3) ኣብ ናይ ምርጫ ነቑጣታት ዝተረኽበ ውጽኢት ሽዑ ንሽዑ ይዝርጋሕ።

4) ኣብያተ ጽሕፈት ምርጫ ንኡስ ዞባ ናይ መድመጺ ወረቓቕቲ ምስበጽሐን ነቲ ኣብ ናይ ምርጫ ነቑጣ ዝተቖጽረ ንምርግጋጽ ወይ ንምስትኽኻል ወይ ንምንጻግ ብኡ ንብኡ ይቖጽርኦን ውጽኢቱ ይዝርግሓን።



## ዓንቀጽ 57- ወግዓዊ መግለጺ

ምርጫ ምስ ኣትመመን ኣድላዪ ሓበሬታ ምስተኣከበን ብኡ ንብኡ መስርሕ ምርጫ ወግዓዊ መግለጺ ይህብ።

## ዓንቀጽ 58- ምቕራብ ጸብጻብ

ኮሚሽን ብዛዕባ መስርሕ ምርጫን ውጽኢቱን ዝርዝራዊ ጸብጻብ ናብ የቕርብ።

## ዓንቀጽ 59- ኀድናዊ ምርጫ

ናይ ሓደ ዝተመረጸ ወካሊ ህዝቢ መዝነት ብዝኾነ ምኽንያት ምስ ሃገራዊ ባይቶ ናይ ስራሕ ግዜኡ ኽብቅዕ ልዕሊ ሓደ ዓመት ምስ ውሽጢ ካብ ሰለስተ ወርሒ ዘይዛይድ ግዜ ናይ መተካእታ ምርጫ ይ‘

# ምዕራፍ ትሽዓተ
# ተቓውሞ ንመስርሕ ምርጫ

## ዓንቀጽ 60- ናይ ግዜ ገደብ

ኣብዚ ኣዋጅ'ዚ ብኻልእ እንተዘይተደንጊጉ ንመስርሕ ምርጫ ተቓውሞ እንተልዩ ኣብ ውሽጢ ዕስራን ኣርባዕተን ሰዓት ብጹሑፍ ክቐርብ ኣለዎ።

## ዓንቀጽ 61- ተቓውሞ መስርሕ ምዝገባ

1) ዝኾነ ምዝገባ ዝተኸልከለ መራጺ ኣብ ውሽጢ ዕስራን ኣርባዕተን ሰዓት ውሳኔ ዝወሃበሉ ናይ ተቓውሞ ጥርዓን ናብ ቤት ጽሕፈት ምርጫ ንኡስ ዞባ ክቕርብ ይኽእል።

2) እቲ ውልቀ ሰብ በቲ ቤት ጽሕፈት ምርጫ ንኡስ ዞባ ዝሀቦ ውሳኔ ምስ ዘይዓግብ ናብ ቤት ፍርዲ ዞባ ይግባይ ክብል ይኽእል። እቲ ቤት ፍርዲ ብዛዕባቲ ጉዳይ ቅልጡፍን ናይ መወዳእታን ውሳኔ ይህብ።

## ዓንቀጽ 62- ተቓውሞ ንመስርሕ ምስያም

1) ዝኾነ ምዝገባ ዝተኸልከለ ሕጹይ ኣብ ውሽጢ ኣርበዓን-ሸሞንተን ሰዓት ውሳኔ ዝወሃበሉ ናይ ተቓውሞ ጥርዓን ናብ ቤት ጽሕፈት ምርጫ ዞባ ክቕርብ ይኽእል።

2) እቲ ውልቀ-ሰብ በቲ ቤት ጽሕፈት ምርጫ ዞባ ዝሀቦ ውሳኔ ምስ ዘይዓግብ ናብ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ንናይ መወዳእታ ውሳኔ ይግባይ ክብል ይኽእል። ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ብዛዕባቲ ጉዳይ ቅልጡፍን ናይ መወዳእታን ውሳኔ ይህብ።

## ዓንቀጽ 63- ተቓውሞ ንመስርሕ ምድማጽ

1) ዝኾነ ምድማጽ ዝተኸልከለ ሰብ እቲ ፍጻመ ምስተኸሰተ ኣብ ውሽጢ 5 ሰዓታት ናይ ተቓውሞ ጥርዓኑ ናብ ቤት ጽሕፈት ምርጫ ዞባ ክቕርብ እቲ ቤት ጽሕፈት ከኣ ብኡ-ንብኡ ውሳኔ ክህበሉ ይግባእ።

2) እቲ መራጺ በቲ ቤት ጽሕፈት ምርጫ ዞባ ዝሀቦ ውሳኔ ምስዘይዓግብ ንሰደቓ ግዜ ምርጫ ኣብ ግምት ብምእታው ቅልጡፍ ውሳኔ ንክህበሉ ናብ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ይግባይ ክብል ይኽእል፣ ውሳኔኡ ከኣ ናይ መወዳእታ ይኸውን።



## ዓንቀጽ 64- ተቓውሞ ንመስርሕ ምቑጻር

1) ዝኾነ ኣብ ምቑጻር ወረቓቕቲ ድምጺ ከምኡ'ውን ውጽኢቱ ቁ
ናብ ኮሚሽን ተቓውሞ ክቕርብ ይኽእል።

2) ነቲ ኮሚሽን ዝሀቦ ውሳኔ ብምቅዋም ናብ ላዕለዋይ ቤት
ክቐርብ ይኽእል። ውሳኔ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ከኣ ናይ መወዳእ

## ዓንቀጽ 65- ስልጣን ኮሚሽን

1) ኮሚሽን ባዕሉ ብዝገብሮ ምርመራ ወይ ካብ ዝቐረበሉ ጥርዓን ምርጫ ነዚ ኣዋጅ'ዚ ዝጥሕስ ተግባር ክም ዝተፈጸመ ዘእምን ምስ ዝረክብ ነቲ ዘይሕጋዊ ተግባር ክም ዘቋርጽ ንምግባር ትእዛዝክህብ ይኽእል።

2) ኮሚሽን ንውጽኢት ምርጫ ዝጸሉ ናይ ምድንጋር ተግባር ዘእምን ብቑዕ መርትዖ ምስ ዝረክብ ንመስርሕ ምርጫ ከደስ
ምርጫ ደው ክብልን ዳግም ምርጫ ክግበር ክእዝዝን ይኽእል።

3) ኮሚሽን በዚ ዓንቀጽ'ዚ ዝተዋህቦ ስልጣን ንምጥቃም ዝኾነ መር
ከምኡ'ውን ዝምልከቶም ውልቀ-ሰባት ወይ መንግስታዊ ኣ
ክቕርብሉ ናይ ምጽዋዕ ስልጣን ይህልዎ።

4) ብመሰረት እዚ ዓንቀጽ'ዚ ብኮሚሽን ንዝወሃብ ትእዛዝ ብምቅ
ናብ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ይግባይ ክቕርብ ይኽእል። ኮሚሽን
ከኣ ክሳብ ብላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ውሳኔ ዝወሃበሉ ጽኑዕ ኮይኑ

5) ኮሚሽን ንዝኾነ ድንጋጌታት ገበናዊ ሕጊ ዝጥሕስ ጉዳይ
ንኸውሰደሉ ናብ ዝምልከቶ ብቑዕ በዓል መዚ ክመርሖ ይኽእል።

# ምዕራፍ ዓሰርተ

## ዝተፈላለዩ ድንጋጌታት

### *ዓንቀጽ 66- ባጀት ኮሚሽን*

ኮሚሽን ብሃገራዊ ባይቶ ዝጸድቕ ባጀት ይህልዎ። ብመሰረት ፊናንስያዊ ሕጋጋት መንግስቲ ኤርትራ ከኣ ኣብ ግብሪ ይውዕል።

### *ዓንቀጽ 67- ናይ ምትሕብባር ግዴታ*

ኩሉ ቤት ጽሕፈት መንግስቲ፣ ብሕታዊ ትካል ወይ ውልቀ-ሰብ ንትግባረ ናይዚ ኣዋጅ'ዚ ኣብ ዝምልከት ጉዳያት ናይ ምትሕብባር ግዴታ ኣለዎ። ዘይምትሕብባር ከኣ ብሕጊ ዘቕጽዕ ይኸውን።

### *ዓንቀጽ 68- መቕጸዕቲ*

ዝኾነ ምጥሓስ ናይዚ ኣዋጅ'ዚ ብገበናዊ ሕጊ ዘቕጽዕ ይኸውን።